# ካብዚ ክቡርን ሕፉርን ህዝብኻ ተገሊልካ

# ፌስቲቫል ማለት ፡ ምውድኻዳኻ'ዶ ፍይቶነት ?




ህዝቢ ኤርትራ ካብ ወርሒ ሓምለ ዝኣቱ ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ ሓራን ልዑላዊት ኤርትራ ሃገሩን ፡ ከምኡውን ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ዓለምና ዝርከብ ሃገራዊ ኤርትራዊ ፡ ኣብትሕተ ናጸ መስመርና ዋሕስ ልምዓት ፡ ዝብል ጭርሖ ፡ መርኣያ ሓድነቱን ፡ ፍትወት ሃገሩን መንግስቱን ፡ መርኣያ ርዝነቱን ዘይተምበርካኽነቱን መርኣያ ብልሑን መሃዝነቱን ቀጻልነቱን ፡ ዕዉት ህዝባዊ ፌስቲቫላት ጸንቢሉን ኣብ ምጽንባል ይርከብን ፡ ኣብኩሉ መዳይ ዕዉት ኮይኑ ንኽወጽእ ድማ ፡ ብዝወፈዮ ኒሕን ሓያል ህዝባዊ ሓቦን ምስክሩ'ዩ ፡ ጥምረትናን ውህደትናን ፡ ኣብነብሰ ሙርኮሳ እነካይዶ ተባዕ ቃልስናን ነቶም መንገዲ ሓቂ ዘይፈትዉ ከምዕረ መሪሩዎም ኣመና ከዕለብጡን ፡ ነቶም መሰሎም ዝተሓረሙ ኣብነት ኮይኑ ከም ፋና በሪሁ መንገዲ ሓርነት ይሕብሮም ምህላዉ ፡ ነዞም ገበቲ ዘይናቶም ወትሩ ሓለምትን ሓፍ-ቁይጥ ከብሎም ንርእዮን ንሰምዖን ኣለና ፡ ኣብ ዝበጽሕዎ'ኳ እንተዘይብሎም ከነቃልዖምን እንታይነቶም ክንከሽሖምን ሓላፍነትና ስለዝኾነ በቲሓደወገን ፡ በቲ ካልእ ሸነኽ'ክኣ ፡ ቆርበት በጊዕ ዝተኸድነ ተኹላ ኮይኖም ፡ ንውዕለይ ጽላለይ ዝብልዎ ዘለዉ ፡ ብዋጋ ናይመን ኢልና ክንምክቶም ተገባኢ ስለዝኾነ ፡ ዝኾነ ብሃገሩን ሓድነት ህዝቡን ዝግደስ ኣብ ግምት ሰሪዑ ብዓይኒ ልቦና ክንዕዘቦም ዝተሰከምናዮ ሓላፍነት ምኻኑ በዚ ኣጋጣሚ ከዘኻኽር እፈቱ ፡

~ ንልዑላውነት ሃገር ዘድፈሩ ፡ ኣደራሽና ክነድድ እያድ ዘቐበሉ ፡

~ ህዝብና ክበሳበስ ኣፍልቦም ዝደሰቑ ፡ ንስቅያትና ምርኣይ ተስፋ ዘንጸፉ ፡

~ ንኮነፈደሬሽን ዝተንበርከኹ ፡ ንወደብ ዓሰብ ክሸጡ ጥልዕ ጉምብስ ዝብሉ ዘለዉ ፡

~ ምስ ጸላእትና ዝመኸሩ ንጥፍኣትና ደወል ዝድውሉ ፡

ብስም ሕፉርን ክቡርን ህዝብን ፡ ብስም ህያብ ጀጋኑና ዝኾነት ነጻን ልዑላዊትን ኤርትራ ሃገርና ካብ ዕለት 7 - 9 ወርሒ ነሓሰ ኣብ ፍራንክፈርት ፌስቲቫል ከነካይድ ብሃልቲ እዮም ፡ እቲ ዘገርም ግን ፡ ብስም ህዝቢ እናነገድካ ዘቑጸልጸለ ኣስማት እናኣጠመቕካ ኣብ ፈቐዶ ብዓቲ ዌብሳይታት ተሸጊጥካ ፡ ዝግበር ህውተታን ፡ ቅድሚ ሕጂ'ውን እንተኾነ ክንደይ ዘይ ቅዱስ ትልሂት ተኻይዱ እዩ ፡ መመላእታ ማሕፉዳ ናይዞም ገብረ እከይ ካብ ምኻን ሓሊፉ ዝጽሓፎም ጽድቂ የሎን ፡

( ብናይ መን ዋጋ ? ኣበይ ንምብጻሕ ? መሬት ምስጸብሐ ዝመጽእ ሕቶ'ኸ ? )

እቲ ንምብትታን ሓድነት ህዝብን ፡ ንምድፋር ልዑላውነት ሃገርናን ዝኸፈልዎ ወርሓዊ ክፍሊት ዘይኣኽሎም'ዶ ኮይኑ ? ወይስ እቲ ምሕሻሽ ዝለመደ ዘይጸግብ ሸውሃቶም ምዕጋብ ስለዝኣበዮም እዩ ፡ ብስርቅን ምድንጋርን ፡ ብወገንን ዓሌትን ፡ ብገብንን ዓንዳርነትን ዝተቐማጥዎ ክንዮ'ዚ ዝበጽሕዎ ደረጃ ስለዘየሎ ፡ ከም ሓሰር ንፋይ ክቡቆጹ ፡ ከምክርዳድ ክእረዩ ፡ ናቶም ዕጫ እዩ ፡ ካብ ትዕዝብቲ ህዝበን ሕግን ተኸዊሎም ማለት ክኣ ዘበት እዩ ፡

ንሕናውን ከም ህዝቢ ክንገብሮ ዘለና ሓላፍነት ስለዘለና እንታይነቶም ንምኽሻሕ ከይሰልከና ክንሰርሖ ዝግብኣና ዕዮ ገዛና እዩ ፡

ዕጥቆም ዕጥቂ ተንበርካኽነትን ወይጦነትን ስለዝኾነ ከይተበገሱ ፡ ዝበርዓኑ ፡
ዝተጸግዕዎም ጸላእቲ ናይ ኤርትራ ፡ ናይ ጸግዒ ጽግዕተኛ ጃንዳ ስለዝኾኑ ፡
እቶም ከም ኣምላኽ ዝኣምንዎም ፡ ኣብ ዓለምና ብደም ንጹሃት ስለዝሕተቱ ፡

እንታይ ግድኹም መንገዶም ኣይቀደወን ጥራይ ዘይኮነ ሲኦል ሓቒፎም ምድቃሶም እዩ ፡

እንቶ ንሕና ክብረትና ዝወነንና ፡ ብጻዕርና ፡ ሓይልና ዘገረምና ብሓድነትና ፡
ሕጂውን እንተኾነ ኣብትሕቲ ዝኾነ ጽንኩር ኩነት ፡ ዓወትና ናይግድን እዩ !

ካብ ብርዒ ሓቂ

ዓወት ንሓፋሽ !